# ሕብረተሰብኣዊ
# ሓላፍነትን ምትሕግጋዝን





## ቀዳማይ ክፋል
(ካብ ኣርባዕተ)




وَأَنفِقُواْ مِن مَّا رَزَقۡنَٰكُم مِّن قَبۡلِ أَن يَأۡتِيَ أَحَدَكُمُ ٱلۡمَوۡتُ

ብሂወት እን**ከለ**ናን – ዓቕሚ እንከ**ለናን**



ስዒድ ኣሕመድ - 20/05/2018
habereta@hotmail.com

# ትሕዝቶ

## ትሕዝቶ ናይ እዚኣ ክፋል 1


ትሕዝቶ ---------- 2
ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ ---------- 4
መእተዊ ---------- 5
ንኻልኦት ምሕጋዝ ወይ ረድኤት ምሃብ ብዓይኒ እስልምና እንታይ እዩ? ---------- 7
ዘለና ርዝቂ ሕድሪ ካብ ረቢ እዩ ---------- 8
ድኻታትን ሽጉራትን ኣብ ተዋሂቡና ዘሎ ርዝቂ መሰልን ሓቅን ኣለዎም ---------- 9
ሓገዛት ምውፋይን ጽቡቕ ስራሓት ምስራሕን---------- 10
ንምንታይ ንኻልኦት ንሕግዝ ---------- 10
1. ብዓይኒ ዲን ---------- 10
2. ብዓይኒ ሳይኮሎጂ ----------11
ንምንታይ ገሊኦም ሰባት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ናይ ምሕጋዝ ድሌትን ተበግሶን የርእዩ? ---------- 11
ንመን ከምእንሕግዝ ኣብ ኣተሓሳስባና ግደ ዘለዎ ረቛሒ ---------- 11
ንኻልኦት ምሕጋዝ ናብ ዓወት ዝመርሕ እዩ ---------- 13


## ትሕዝቶ ናይ ቀጻሊት ክፋል 2


ጥቕምታት ንኻልኦት ምሕጋዝን ምድጋፍን ---------- 13
ንኻልኦት ምሕጋዝ ጥቕሚ ንነብስና እዩ ---------- 14
ለውጢ ክትገብር ትኽእል ኢኻ ---------- 15
ወርቃዊ ሕጊ ---------- 15
ፍልልይ ኣብ መንጎ ድኻን ሽጉርን ---------- 18
ምስ ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብ ምትሕብባር ---------- 18
እስልምና ንዘይኽተሉ ምሕጋዝ ---------- 18
ንኻልኦት ምሕጋዝ ክልኩል ዝኾነሉ ኩነታት ---------- 18
ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ብቁርኣን መሰረት ---------- 19
ሕውነት ---------- 19
ዓይነታት ሓገዛት ---------- 19
ኣብ ሽግርን ጸገምን ንዘለዉ ምሕጋዝ ግዴታ እዩ ---------- 19
ኩሉ ኣይኮነን ኣፉ ኣወጺኡ ሓገዝ ዝሓትት ----------20
ንመን ክንህብ ኣለና? ---------- 20
ብኸመይ ክንህብ ኣለና? ---------- 21
እቲ ዝበለጸ ሓገዝ ---------- 22
ብዛዕባ ምልማን ---------- 22


## ትሕዝቶ ናይ ሰዓቢት ክፋል 3


እንህቦ እንታይ ዓይነት ክኸውን ኣለዎ? ----------23
ክንድምንታይ ክንህብ ኣለና? ---------- 23
ንኻልኦት ምሕጋዝ ዓቕሚ እንክለናን ብሂወት እንክለናን እዩ ---------- 23
መድረኻት ማሕበራዊ ተሳታፍነት ---------- 24
መድረኻት ኣብ ምውፋይ ሓገዛት ንዝተሸገሩ ---------- 24
ኩሉ ካብ'ታ ዘላቶ ክሕግዝ ግዴታ እዩ ---------- 25
ምኽንያታት ናይ ዘይምሕጋዝ ----------25
ክትሕግዝ እንክለኻ ምስትውዓል ዘድልዮም ጉዳያት ---------- 27
1. ዝኾነ ሓገዝ ቅቡል ንኽኸውን ንረቢ ኢልካ ክኸውን ኣለዎ ---------- 27
2. ናይ "ረኣዩለይ" ሓገዝን ካብ ሰብ ምስጋናን ኣድናቖትን ምጽባይን ---------- 27
3. ሓጊዘ እንድየ ኢልካ ምጅሃር ---------- 27
4. ድሕሪ ምሕጋዝካ ብዛዕባ ዝሓገዝካዮ ሰብ ሕማቕ ምዝራብ ---------- 28
ንጽቡቕ ተግባር ተበጊስካ ንጥቕምታትካ ምሕላይ ---------- 28
ብኸመይ ናይ ምሕጋዝ ጠባያት ከነማዕብል ከምእንኽእል ----------28
መፍትሕ ናይ ምሕጋዝ ---------- 29

ንኻልኦት ምሕጋስዝ መተርከስ ልቢ እዩ ---- 29
ሳይኮሎጂካዊ መኽሰባት ምሕጋዝ ሰባት ---- 29
ግቡእ ሓገዛት ንኽይውፈ ዕንቅፋታት ዝኾኑ ረቛሒታት ---- 30
ኣወሃሃድቲ ሓገዝን ረድኤትን ከስተውዕልሉ ዝግብኡ ነገራት ---- 30
ኩሉ ካብ ረቢ ዝተወሃበና ነገር ሕድርን ሓላፍነትን እዩ ---- 30
ንኻልኦት ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ምውሳድ ኣማና እዩ ---- 30
ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰላት ንኻልኦት ኣብ እስልምና ንዘይኣምኑ ሰባት ---- 31
ዓይነታት እስላማዊ ሓገዛት ---- 31
እምነት (እሙን ምዃን) ---- 33
ኣብ ምሕጋዝ ካልኦት ግደ ዘለወን ባህርያትን ጠባያትን ---- 34
ስስዐን ነፍሰ-ፍትወትን ---- 34
ትምክሕቲ/ኣነነት ---- 34
ልግሲ/ሓልዮት ንኻልኦት ---- 34

## ትሕዝቶ ናይ መጨረሻ ክፋል 4

መግለጺ ሕብረተሰብ ---- 35
መርገጻትን ልምድታትን ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ---- 35
ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ መን ይካፈል? ---- 35
ውድቀትን ዕንወትን ሕብረተሰብ ---- 35
ጠባያት ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከማዕብልን ከደንፍዕን ዝኽእል ----36
ጠባያት ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከዛሕትልን ከደስክልን ዝኽእል ----36
ስኒትን ጥርነፈን ----37
ንሓደ ሕብረተሰብ ዕዉት ዝገብሮ እንታይ እዩ? ---- 37
1-ትምህርቲ 2-ጥዕና 3-ሃብቲ ---- 37
ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ተሳታፍነት ---- 38
ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ---- 38
ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ----38
መሰረት ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ----39
1. ውክልናን ሓላፍነትን (Vicegerency) ----39
2.ተሓታትነት (Divine Accountability) ---- 39
2.3. ንጽቡቕ ተግባር ምትብባዕን ንሕማቕ ነገር ድማ ምንጻግን (Enjoining Good and Forbidding Evil) ---- 40
ሕብረተሰብኣዊ ግዴታ ---- 41
ሕብረተሰብኣዊ ተሳታፍነት ---- 42
ኣብ ናይ ማሕበራዊ ስራሓት ንዘይምክፋል ካብ ዝቐርቡ ምኽንያታት ---- 42
ሕብረተሰብኣዊ ምዕባለ ----43
ሕብረተሰብኣዊ ጥምረት ----43
ዕዉት ሕብረተሰብ ---- 44
ውልቃውን ሕ/ሰብኣውን ተዓወት/ክዕወት ኣተሓሳስባ ኣብ እስልምና (think Win/Win) ---- 44
መዛዘሚ ---- 47
ዱዓ ----48

# ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ

ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ናይ ሓደ ዕዉት ዝኾነ ሕብረተሰብ መግለጽን መለለይን ኣብ መንጎኦም ዘሎ ናይ ምርድዳእን ምትሕግጋዝን መንፈስ ጥራሕ ዘይኮነስ ክሳብ ክንደይ ኣብ ተግባር ይተሓባበሩን ንጸገማቶም ብሓባር ኮይኖም ናይ ምፍታሕ ዓቕምታቶም እዩ። እዚ ኣረኣእያ ድማ ብዓይኒ ሕብረተሰብኣዊ ኣስተምህሮታትን (sociology)፣ ስነ-ልቦና (ሳይኮሎጂ) ከምኡ'ውን ብዝተፈላለዩ ፍልስፍናታት (philosophy) ጥራሕ ዘይኮነስ ብዓቢኡ ዲነል-ኢስላም ዝምህረናን ዝእዝዘናን ተግባር እዩ። እዚ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን ብውልቀሰብ ደረጃ ዝጅምር ኮይኑ ብሕብረተሰብ ደረጃ ተግባራውነት ምስዝረክብ ድሕሪኡ ናይ ዝመጽእ ዝኾነ ዓይነት ሕብረተሰብኣዊ ምዕባለ ድልዱል መሰረትን መባእታን ከኸውን ይኽእል። ቅድመ-ኩነት ናይ'ዚ ድማ ስኒት፣ ቅሳነትን ምስ ነንሕድሕድካ ብሰላም ምንባርን ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ምስዝሰፍን እዩ። ወላ'ኳ እዚ ነገር ሓቂ ምዃኑ ኩሉ ዝሰማማዓሉ እንተኾነ ነንሕድሕድካ ምዝኽኻር፡ ኣብ ተግባር ክውዕለሉ ንዘሎ ዕድላት ክብ የብሎ።

ኣብ ሱረት ኣል ዛርያት ኣያ 55 (51:55) ናይ ምዝኽኻር ጥቕሚ ብብሩህ ሰፊሩ ይርከብ፡

وَذَكِّرْ فَإِنَّ ٱلذِّكْرَىٰ تَنفَعُ ٱلْمُؤْمِنِينَ

*[ኣዘኻኽሩ፣ ምዝኽኻር ድማ ንኣማኒ ዝጠቅም እዩ]*

እዚ ኩነታት ኣብ ሕብረተሰብ ንኽምዕብል ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብ፣ ካብ ውልቀሰብ ጀሚርካ ክሳብ ዝለዓለ ኣካል ግደን ሓላፍነትን ዘለዎ እዩ።

ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ ድማ ብኹሉ ኣካላት ሕብረተሰብ ነዚ ኩነታት ኣትኩሮ ተዋሂብዎ ብዝተፈላለየ ኩርናዓት ብምርኣይ ናይ ኩሉ ሓላፍነት ምዃኑ ናይ ሓባር ኣረዳድኣ ንምፍጣር እዩ።

መብዛሕትኡ ትሕዝቶ ናይ እዛ ጽሕፍቲ ኣብ ዲነል-ኢስላም ዝተመርኮሰ ኮይኑ መታን ምልኣት ንኽህለዎ በተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ኣረኣእያን ስነ-ሓሳባትን ንመረዳእታ ደገፋት ተገብር።

እዚኣ ጽሕፍቲ "ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነትን ምትሕግጋዝን" ብዝብል ኣርእስቲ ንዝተዳለወት ጽሑፍቲ ቀዳመይቲ ክፋል ኮይና እተን ካልኦት ክፍልታት ኣብ በብግዚኡን ክስደዳ እየን።

# መእተዊ

ባይታ ናይ እዛ ቀሪባ ዘላ ጽሕፍቲ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዘሎ ህዝብና ዝረኽቦ ዘሎ ሽግራት ኮይኑ ዕላማኣ ድማ ነዚ ሽግራት ኣብ ኩሉ ኣካል ህዝብና ናይ ሓባር ኣረዳድኣ ንምፍጣርን እዚ ሽግራት ዝፍተሓሉ ኣገባባት ካብ ዘለና ኣተሓሳስባ ስለዝብገስ ከነስተውዕለሎም ንዘለዉ ነገራት ንምብራህ እዩ።

ነዚ ኣተሓሳስባ ንምብርሁ ብቐዳምነት ዲነል-ኢስላም ኮይኑ ዝተፈላለዩ ናይ ዘመናዊ ኣተሓሳስባ ከም ሳይኮሎጅን ሶሺዮሎጅን ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ኣብ ኣድለይቲ ቦታታት ከምዝኣትዉ ተገይሩ ኣሎ። ዕላማ ናይ'ዚ ድማ መልክዕን ዑምቀትን ናይ ረቢ ዝሃበና ዲነል ኢስላም ብዝያዳ ክንርደኦን እቲ ግቡኡ ክንህቦን ኮይኑ፡ ምስ ካልእ ኣተሓሳስባ ኣተሓሒዝካ ምቕራብ ክሳብ ክንደይ ሓደን ሓቀኛን ዝኾነ ዲን ከምዘለና ብዝያዳ ክበርህ ይኽእል እዩ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ዝተበገሰ እዩ።

በዚ መሰረት መብዛሕትኡ ትሕዝቶ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ ኣብ ቁርኣንን ሱነተ-ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ዝተመርኮሰ እዩ።

ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል-ኢስራእ ኣያ 9 (17፡9) ቁርኣን ናብ ቅኑዕ መንገዲ መራሒ ከምዝኾነ ይሕብረና።

إِنَّ هَٰذَا ٱلْقُرْءَانَ يَهْدِى لِلَّتِى هِىَ أَقْوَمُ وَيُبَشِّرُ ٱلْمُؤْمِنِينَ ٱلَّذِينَ يَعْمَلُونَ ٱلصَّٰلِحَٰتِ أَنَّ لَهُمْ أَجْرًا كَبِيرًا

*[ብርግጽ! እዚ ቁርኣን ናብ ኣዝዩ ቅኑዕ ዝኾነ መንገዲ ዝመርሕ እዩ። ጽቡቕ ስራሓት ንዝሰርሑ ኣመንቲ ድማ ዓቢ ዝኾነ ኣጅሪ ይጽበዮም ከምዘሎ ዘበስሮም እዩ።]*

ብዛዕባ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ኣብነታዊ መምርሒ (ሱና) ንኽንክተል ኣብ ቁርኣን ሱረት ኣል-ኣሕዛብ ኣያ 21 (33:21) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

لَّقَدْ كَانَ لَكُمْ فِى رَسُولِ ٱللَّهِ أُسْوَةٌ حَسَنَةٌ لِّمَن كَانَ يَرْجُوا۟ ٱللَّهَ وَٱلْيَوْمَ ٱلْءَاخِرَ وَذَكَرَ ٱللَّهَ كَثِيرًا

*[ኣብ ረብን የውመል-ቅያማን ተስፋ ክገብር ንዝደሊ ብርግጽ ኣብ ናይ ረቢ ልኡኽ ኣብ ዝኾነ ክትክተልዎ ትኽእሉ ጽቡቕ ኣብነት ኣለኩም። ንረቢ ድማ ብዙሕ ዘክሩ።]*

ኣብ ካልኦት ዕግበት ምፍጣር ብኸመይ ኣገባብ ክኸውን ከምዘለዎ ኣብ ሱረት ኣል-ናሕል ኣያ 125 (16፡125) ስዒቡ ዘሎ መምርሒ ይርከብ፤

ٱدْعُ إِلَىٰ سَبِيلِ رَبِّكَ بِٱلْحِكْمَةِ وَٱلْمَوْعِظَةِ ٱلْحَسَنَةِ ۖ وَجَٰدِلْهُم بِٱلَّتِى هِىَ أَحْسَنُ ۚ إِنَّ رَبَّكَ هُوَ أَعْلَمُ بِمَن ضَلَّ عَن سَبِيلِهِۦ ۖ وَهُوَ أَعْلَمُ بِٱلْمُهْتَدِينَ

*[ናብ መንገዲ ረቢ ብፍልጠትን ጽቡቕ ምኽርን ጸውዕ፤ ብዝሓሸ ኣገባብ ጌርካ ድማ ከተዕግቦም ፈትን። ረብኻ ድማ መን ኣብ ቅኑዕ መንገዲ ጥፉእ ከምዝኾነን መን ከ ኣብ ቅኑዕ መንገዲ ከምዘሎን ዝፈልጥ እዩ]*

ኣብ ሱረት ኣል ኣንፋል ኣያ 46 (8፡46) ምምዃትን ምክርኻርን ናብ ፍሽለት ዝመርሕን መድከም ሓይልን ምዃኑ ስዒቡ ዘሎ ኣያ የብርሃልና፤

وَأَطِيعُوا۟ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥ وَلَا تَنَٰزَعُوا۟ فَتَفْشَلُوا۟ وَتَذْهَبَ رِيحُكُمْ ۖ وَٱصْبِرُوٓا۟ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ مَعَ ٱلصَّٰبِرِينَ

*[ንረብን ረሱልን ምእዙዛት ኩኑ፤ ንንሕድሕድኩም ድማ ኣይትማጎቱ፤ ናብ ፍሽለት መሪሑ ንሓይልኹም ከዳኽም እዩ። በንጻሩ ትዕግስቲ ግበሩ ረቢ ድማ ምስ እቶም ትዕግስቲ ዝገብሩ እዩ ዝኸውን]*

ኣብ ሱረት ኣል ዒምራን ኣያ 110 (3:110) ደቅሰባት ነንሕድሕዶም ክገልግሉ ከምዘለዎም ናይ ረቢ ድሌት ምዃኑ ስዒቡ ዘሎ የርእየና፤

كُنتُمْ خَيْرَ أُمَّةٍ أُخْرِجَتْ لِلنَّاسِ تَأْمُرُونَ بِٱلْمَعْرُوفِ وَتَنْهَوْنَ عَنِ ٱلْمُنكَرِ وَتُؤْمِنُونَ بِٱللَّهِ ۗ

*[ንጥቕሚ ደቅሰባት እቶም ዝበለጽኩም ጽቡቕ ንኽትገብሩ ዝተመልመልኩም ህዝቢ ኢኹም። እዚ ድማ ንኻልኦት ንኽትጠቕሙ ስለዝተመረጽኩም እዩ። ንጽቡቕ ስራሓት ትሕወስዎ፤ ንሕማቕ ስራሓት ድማ ነጺግኩም ብረቢ ትኣምኑ .... ።]*

እቲ ዝበለጸ ህዝቢ ምዃን ድማ ብስልምና ምእማን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ናይ ምትሕግጋዝ ሕልና ምስዝህሉ፤ ጽቡቕ ስራሓትን ተግባራትን ቀዳምነት ምስዝህልዎን ኩነታት ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ ጻዕርታት ምስዝግበርን እዩ።

ሂወት ባዕላ ፈተነ ስለዝኾነት እዚ ፈተነ ድማ ኩሉ ዕዉት ኮይኑ ንኽወጽእ ዕድል ዝኸፍት እዩ።

ٱلَّذِى خَلَقَ ٱلْمَوْتَ وَٱلْحَيَوٰةَ لِيَبْلُوَكُمْ أَيُّكُمْ أَحْسَنُ عَمَلاًۚ وَهُوَ ٱلْعَزِيزُ ٱلْغَفُورُ
*[ንሞትን ሂወትን ዝኸለቐ መንኩም ኣብ ተግባሩ ዝበለጸ ምዃኑ ንኽፍትነኩም ኢሉ እዩ። ንሱ ድማ እቲ ዝበለጸ ሓይለኛን መሓርን እዩ።]*

እዚ ፈተነ ብውልቀሰብ ደረጃ ጥራሕ ዘይኮነስ ብሕብረሰተብ ደረጃ'ውን ፈተነ ከምዘሎ ስዒቡ ዘሎ ኣያ ይሕብረና፤
وَقَطَّعْنَاهُمْ فِي الْأَرْضِ أُمَمًا ۖ مِنْهُمُ الصَّالِحُونَ وَمِنْهُمْ دُونَ ذَٰلِكَ ۖ وَبَلَوْنَاهُمْ بِالْحَسَنَاتِ وَالسَّيِّئَاتِ لَعَلَّهُمْ يَرْجِعُونَ ﴿١٦٨﴾
*[ኣብ መሬት'ውን ኣብ ሕብረተሰባት መቓቒልናዮም። ገሊኦም ቅኑዕ ስራሕ ዘሰርሑ ከነብሩ እንከለዉ ገሊኦም ድማ በንጻሩ። [ናብ ትእዛዛት ረቢ] እንተተመለሱ ኢልና ድማ ብጽቡቕን ብሕማቕን ፈቲናዮም።] (7:168)*

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከም'ዚ ኢሎም፡"ኣነ ድኽነት ኣይፈርሓልኩምን እየ፤ እንታይ ደኣ ራህዋን ምልኣት ኣዱንያን እየ ዝፈርሓልኩም። ቅድሜኹም ንዝነበራ ሕብረተሰባት ከምዘጥፈኣት ንዓኹም እውን ከተጥፋኣኩም እያ።"
ኣብ ቁርኣን ሱራ ኣል ካህፍ ኣያ 46 (18፡46) እውን ረቢ ሱ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ይብል፡
الْمَالُ وَالْبَنُونَ زِينَةُ الْحَيَاةِ الدُّنْيَا ۖ وَالْبَاقِيَاتُ الصَّالِحَاتُ خَيْرٌ عِنْدَ رَبِّكَ ثَوَابًا وَخَيْرٌ أَمَلًا ﴿٤٦﴾
*ሃብትን ውላድን ናይ ዓለማዊ ሂወት መጋየጺ እዮም። ኮይኑ ግን ኣብ ቅድሚ ረቢ ቀጻሊ ዝኾነ ጽቡቕ ስራሓት ኣጅሪ ንምርካብን ጽቡቕ ተስፋ ንምግባርን እቲ ዝበለጸ እዩ።*

ኣብ'ዚ እዩ ድማ ሕብረተሰብኣዊ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ኣድላዩ ዝኸውን።

ኣብ ስዒቡን ዘለዋ ገጻት ዕሙቕ ብዝበለ ኣገባብ መብርሂ ክወሃብ ክፍተን እዩ።

እዛ ጽሕፍቲ ጠቓሚት ኮይና ምስእትርከብ ናይ ረቢ ሱ.ወ. ፍቓድን ሓገዝን ስለዝተሓወሳ እዩ። ዝኾነ ዝርከብ ጌጋ ድማ ናተይ ጉድለትን ድኽመትን ዘንጸባርቕ ስለዝኾነ ንእትረኽብዎም ጌጋታተይ መታን ኣብ መጻኢ ጽሑፋት ንኽእረሙ በዚኣ ኣብ ታሕቲ ዘላ ኢመይል ጌርኩም ንኽትሕብሩንን ንኽትእርሙንን ይላቦ። ዝኾነ ንመጻኢ ጽሑፋት ከመሓይሹ ዝኽእሉ ርእይቶ ይኹን መተሓሳሰቢ'ውን እንተኾነ ብሓጎስ ዝቕበሎ ኮይኑ ንምስዳድ ድማ ነዚኣ ኢመይል ምጥቃም ይከኣል እዩ።

habereta@hotmail.com

وقل رب زدني علماً

**ንኻልኦት ምሕጋዝ ወይ ረድኤት ምሃብ ብዓይኒ እስልምና እንታይ እዩ?**

ኣብ መብዛሕትኡ ኣያታት ናይ ቁርኣን ዝኾነ ዒባዳ ረቢ ጎኒ-ጎኑ ድማ ጽቡቕ ተግባር ምግባርን ንኻልኦት ምሕጋዝን ከይተጠቕሰ ኣይሓልፍን እዩ። ስዒበን ዘለዋ ኣያታት ከምኣብነት ጥራሕ ተጠቒሰን ኣለዋ፤

1 - ሱረት ኣል በቕራ ኣያ 277 (2፡277)

إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّـٰلِحَـٰتِ وَأَقَامُواْ ٱلصَّلَوٰةَ وَءَاتَوُاْ ٱلزَّكَوٰةَ لَهُمۡ أَجۡرُهُمۡ عِندَ رَبِّهِمۡ وَلَا خَوۡفٌ عَلَيۡهِمۡ وَلَا هُمۡ يَحۡزَنُونَ

*[ኣሚኖም ጽቡቕ ስራሓት ዝሰርሑ ከምኡ'ውን ሰላቶም እንዳሰገዱ ዘካት ዘውጽኡ ኣጅሮም ካብ ረቢ እዮም ዝረኽብዎ። ፍርሒ ኣይከህልዎምን እዩ ኣይክሓዝኑን እዮም ድማ]*

2 - ሱረት ኣል ካሃፍ ኣያ 30 (18፡30)

إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّـٰلِحَـٰتِ إِنَّا لَا نُضِيعُ أَجۡرَ مَنۡ أَحۡسَنَ عَمَلاً

*[ነዞም ኣሚኖም ጽቡቕ ምግባራት ዝሰርሑ፤ ብርግጽ ንጽቡቕ ተግባራቶም ንብላሽ ኣይንሰዶን ኢና]*

3 - ሱረት ዩኑስ ኣያ 9 (10፡9)

إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّـٰلِحَـٰتِ يَہۡدِيهِمۡ رَبُّہُم بِإِيمَـٰنِہِمۡۖ تَجۡرِى مِن تَحۡتِہِمُ ٱلۡأَنۡهَـٰرُ فِى جَنَّـٰتِ ٱلنَّعِيمِ

*[ኣሚኖም ጽቡቕ ተግባራት ንዝገብሩ፡ ረቦም ብኢማኖም ኣቢሉ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ክመርሖም እዩ፡ ኣብ ትሕቲኦም ድማ ውሕጅ ካብ ናይ ጀና ጸጋታት ክውሕዝ እዩ]*

ኣብ ሱረት ኣል-ኒሳእ ኣያ 124 (4፡124) ምእማንን ጽቡቕ ተግባራትን ከምዘይፈላለያ ስዒቡ ዘሎ ምግለጺ ይርከብ፡

وَمَن يَعۡمَلۡ مِنَ ٱلصَّـٰلِحَـٰتِ مِن ذَكَرٍ أَوۡ أُنثَىٰ وَهُوَ مُؤۡمِنٌ فَأُوْلَـٰٓئِكَ يَدۡخُلُونَ ٱلۡجَنَّةَ وَلَا يُظۡلَمُونَ نَقِيرً۬ا (١٢٤)

[ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ሓቀኛ ኣማኒ ኮይኖም ጽቡቕ ተግባራት ዝሰርሑ፤ እዚኦም ኣብ ጀና ክኣትዉ እዮም፤ ወላ ኣዝዩ ንእሽተ ይኹን ድማ ኣይክዝለሙን እዮመ]

ኣብ ሱረት አል-ማኢዳ ኣያ 9 (5፡9) ኣመንቲ ኮይኖም ጽቡቕ ስራሓት ንዝሰርሑ መቕፈራ ከምዘለዎምን ዓቢ ኣጅር'ውን ይጽበዮም ከምዘሎ ረቢ ቃል ይኣቱ።

وَعَدَ ٱللَّهُ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّـٰلِحَـٰتِ‌ۙ لَهُم مَّغۡفِرَةٌ۬ وَأَجۡرٌ عَظِيمٌ۬

[ኣሚኖም ጽቡቕ ስራሓት ንዝሰርሑ መቕፈራን ዓቢ ኣጅሪ ከምዘለዎም ረቢ ቃል ይኣቱ።]

ኣብ ቁርኣን ነዚ ዝገልጽ ኣብ ሱረት ኣልሙናፊቑን ኣያ 10 (63፡10) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፤

وَأَنفِقُواْ مِن مَّا رَزَقۡنَـٰكُم مِّن قَبۡلِ أَن يَأۡتِىَ أَحَدَكُمُ ٱلۡمَوۡتُ

*[ቅድሚ ሞት ዘርክበኩም ካብ ዝሃብናኩም ኣውጽኡ]*

እዚ ማለት ንዘለካ ገንዘብ፤ ክእለት፤ ዓቕሚ፤ ፍልጠት፤ ሓይልን ጉልበትን ከምኡ’ውን ካልእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንዘለዉ ዝኾነ ይኹን ትሕዝቶኻ ተጠቒምካ ኣብ ሽግርን ጸገማትን ንዘለዉ ንምሕጋዝን ጽቡቕ ተግባር ንምግባር ኢልካ ምውዓል ማለት እዩ። ኣብ ቁርኣን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ንኻልኦት ምሕጋዝ ማዕረ ማዕረ ሰላት ተጠቒሳ ትርከብ። ናይ'ዚ ምኽንያት ድማ ሰላት ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ረብን ንዘሎ ርክብ መግለጺ ኮይኑ ንኻልኦት ምሕጋዝ ድማ ምስ ካልኦት ሰባት ንዘለካ ርክባት መግለጺ እዩ። ናይ ረቢ ሱ.ወ. ትእዛዝ ድማ እዚ ክልቲኡ ማዕረ-ንማዕረ ክማላእ ከምዘለዎ ዝሕብረና እዩ። ዝኾነ ዒባዳ ናይ ረቢ ንኻልኦት ሓገዝ ዘድልዮም ሓገዛትካ ከየወፈኻ እቲ ዒባዳ ምሉእ ኣይክኸውንን እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሰላት ንረቢ ከምትግዘኦ መግለጺ ኮይኑ ንኻልኦት ምሕጋዝ ድማ ረቢ ንዝኸለቖም ፍጡራት ርህራሄ ምርኣይ ማለት እዩ። ኣብ ሰላት ንዝተመሃርካዮ ኣብ ተግባር ምውዓል ዝሓዘ እዩ።

ንማንም ዝግበኦ ሰብ ሓገዛት ምሃብ፤ ዓቕምታትካ፤ ፍልጠታትካ፤ ገንዘብካ፤ ግዜኻ ዝኣመሰሉ ንኻልኦት ክትሕግዝ ኢልካ ምውዓል ከም ረድኤት ዝሕሰብ እዩ። ምትብባዕ፤ ጽቡቕ ዘረባ ምዝራብ፤ ንኻልእ ሰብ ካብ ምህሳይ ምቑጣብ፤ ንኻልእ ሰብ ክሃሲ ዝኽእል ነገራት ምልጋስ እውን ከም ሰደቓ ዝቖጸር እዩ። እዚ ዘርእየና ድማ ጽቡቕ ተግባር ምግባር ወይ ንኻልኦት ምሕጋዝ ናይ ገንዘብ ሽግር ጥራሕ ዘበግሶ ከምዘይኮነ እዩ።

ስዒበን ዘለዋ ቃላት ንጽቡቕ ተግባራትን ንኻልኦት ምሕጋዝን ንምግላጽ ዝውቱራት እየን፡

1. ኢንፋቕ ፊሰቢሊላህ፤ ምእንቲ ረቢ ኢልካ ምውጻእ
2. ኢሕሳን (ጽቡቕ ተግባራት ምግባር)
3. ዘካት ምውጻእ (ብቕዓት ብዘለዎ እስላማይ ክማላእ ዘለዎ ግዴታ ዝኾነ)
4. ሰደቓ ምሃብ (ብድሌትካ ክግበር ዝኽእል)
5. ኸይራት (ግብረሰናይ)

أَقِيمُواْ ٱلصَّلَوٰةَ وَءَاتُواْ ٱلزَّكَوٰةَ وَأَقۡرِضُواْ ٱللَّهَ قَرۡضًا حَسَنٗاۚ وَمَا تُقَدِّمُواْ لِأَنفُسِكُم مِّنۡ خَيۡرٖ تَجِدُوهُ عِندَ ٱللَّهِ هُوَ خَيۡرٗا وَأَعۡظَمَ أَجۡرٗاۚ

*[ሰላት ስገዱ ዘካት ድማ ኣውጽኡ፤ ንረቢ ድማ ጽቡቕ ሰራሕ ፔርኩም ልቓሕ ሃብዎ። ዝኾነ እትገብርዎ ጽቡቕ ተግባራት ንነብስኹም እዩ። ብርግጽ ድማ ካብ ረቢ ብዝሓሸን ዝበለጸን ክትረኽብዎ ኢኹም።] (ሱረት ኣል-ሙዘሚል ኣያ 20 - 73፡20)*

<u>**ዘለና ርዝቂ ሕድሪ ካብ ረቢ እዩ**</u>

ሃብትን ዘለና ትሕዝቶን ጸጋን በረኸትን ካብ ረቢ ሱ.ወ. ኮይነን ረቢ ብዝፈትዎን በገባብን ጌርና ንኽንጥቀመለን ድማ ሕድሪ እውን እየን። በገባብ ምስ ዘይንጥቀመለን መጥፍኢናን ናብ ዕንወትና ዝመርሑ ሓደገኛ ህያብ እየን። እዚ ጥፍኣት ድማ ኣብ ኣዱንያን ኣብ ኣኺራን ክኸውን ይኽእል። ረቢ ሱ.ወ. ነዚ ብዝምለከት ኣብ ሱረት ኣል በቐራ ኣያ 195 ከጠንቕቕና እንከሎ ስዒቡ ዘሎ ይብለና፤

وَأَنفِقُواْ فِي سَبِيلِ ٱللَّهِ وَلَا تُلۡقُواْ بِأَيۡدِيكُمۡ إِلَى ٱلتَّهۡلُكَةِ وَأَحۡسِنُوٓاْۚ إِنَّ ٱللَّهَ يُحِبُّ ٱلۡمُحۡسِنِينَ

*[ኣብ መንገዲ ረቢ ካብ ሃብትኹም ኣውጽኡ፤ ብኢድኩም ድማ ኣብ ጥፍኣት ኣይተምርሑ፤ ጽቡቕ ተግባራት ድማ ግበሩ፤ ረቢ ገበርቲ ሰናይ እዩ ዝፈቱ ኣብ የውመልቂያማ ድማ ብኸመይ ከምዘጥረናዮም፤ ብኸመይ ከምዝተጠቐምናሎምን ንመን ከም እዝሃብናን ክንሕተተሎም ኢና።]*

ንኣገባብ ኣጠቓቕማና ብዝምልከት ኣብ ሱረት  ኣል-ኣንዓም ኣያ 141 (6፡141) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፤

وَلَا تُسۡرِفُوٓاْۚ إِنَّهُۥ لَا يُحِبُّ ٱلۡمُسۡرِفِينَ

*[በዘርቲ ኣይትኹኑ፤ ረቢ ንበዘርቲ ኣይፈቱን እዩ]*

ኣብ ኣጠቓቕማና እውን ሚዛን ዘለዎ ክኸውን ከምዘለዎ ስዒቡ ዘሎ ኣያ (ሱረት ኣል-ፉርቓን ኣያ 67-25፡67) ይሕብረና፡

وَٱلَّذِينَ إِذَآ أَنفَقُواْ لَمۡ يُسۡرِفُواْ وَلَمۡ يَقۡتُرُواْ وَكَانَ بَيۡنَ ذَٰلِكَ قَوَامٗا

*[እዞም ኣብ ኣወጻጽኣኦም ከይሰሰዑን ካብ ግቡእ ንላዕሊ ዘየውጽኡን፤ ኣብ መንጎ እዘን ክለተ ድማ ሚዛን ኣሎ]*

<u>**ድኻታትን ሽጉራትን ኣብ ተዋሂቡና ዘሎ ርዝቂ መሰልን ሓቅን ኣለዎም**</u>

ኩሉ ነገር ካብ ረቢ ኮይኑ ናብ ረቢ ድማ ስለዝምለስ ቀንዲ ወናኒ ንብረትና ረቢ ሱ.ወ. እዩ። ሃብትን ንብረትን ድማ ብሓደራ ዝተወሃበና ስለዝኾነ በገባብ ብምጥቃም ድኻታትን ሽጉራትን ብጽሒቶም መሰልን ግደን ከምዘለዎ ምፍላጥ ኣድላይነት ኣለዎ። እዚ መሰል ድማ ኣብ ቁርኣን ሱረት ኣል-ኑር ኣያ 33 (24፡33) ዝተደንገገ እዩ።

وَءَاتُوهُم مِّن مَّالِ ٱللَّهِ ٱلَّذِيٓ ءَاتَىٰكُمۡۚ

*[ካብ እቲ ናይ ረቢ ንብረት ኮይኑ ንዓኹም ዝሃበኩም ንኻልኦት ሃቡ]*

ኣብ ካልእ ቦታ ሱረት ኣል-መ ዓርጅ ኣያ 25 (70፡25) ብብሩህን ግሉጽን ኣገባብ ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፤

وَٱلَّذِينَ فِيٓ أَمۡوَٰلِهِمۡ حَقّٞ مَّعۡلُومٞ (٢٤) لِّلسَّآئِلِ وَٱلۡمَحۡرُومِ

[ንሽጉራትን ሓተትን ዝኾኑ ኣብ ዝተወሃቦም ንብረት ፍሉጥ ዝኾነ እጃም ኣለዎም]

ብኹሉ ሸነኻት ዝተማለአ ሂወት ዘለዎ ማንም ሰብ ኣብ ዓለም የለን። ብፍላይ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮኦም ኣብ ሽግርን ጸገማትን ዝርከቡ ፍሉይ ቆላሕታ ንኽግበረሎም ዲና ዝጠልበና ኮይኑ ሕብረተሰብኣዊ ግቡእና እውን እዩ። ረሱል ሰ.ዓ. ከምዝበልዎ እቲ ዝበለጸ ሓገዝ ንሓደ ኣብ ናይ ሂወት ቃልሲ ንዝርከብ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ።

ኣብ ሱረቱል ኣል-ሓሽር ኣያ 9 (59:9) ባዕሎም ኣብ ጸገም እንከለዉ ካብ'ታ ዘላቶም ንኻልኦት ዝሕግዙ ዕዉታት ምዃኖም ስዒቡ ዘሎ ኣያ ይርከብ፤

وَٱلَّذِينَ تَبَوَّءُو ٱلدَّارَ وَٱلۡإِيمَـٰنَ مِن قَبۡلِهِمۡ يُحِبُّونَ مَنۡ هَاجَرَ إِلَيۡهِمۡ وَلَا يَجِدُونَ فِى صُدُورِهِمۡ
حَاجَةً مِّمَّآ أُوتُواْ وَيُؤۡثِرُونَ عَلَىٰٓ أَنفُسِهِمۡ وَلَوۡ كَانَ بِهِمۡ خَصَاصَةٌۚ وَمَن يُوقَ شُحَّ نَفۡسِهِۦ
فَأُوْلَـٰٓئِكَ هُمُ ٱلۡمُفۡلِحُونَ

ኣብ ዘለዎም ሃብቲ ድኻታትን ጽጉማትን እጃም ከምዘለዎም ዝፈልጡ ሓቖኞ ኣመንቲ ምዃኖም ረቢ ሰ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል-መዓርጅ ኣያ 24-25 (70:24-25) ይሕብረና፤

وَٱلَّذِينَ فِىٓ أَمۡوَٲلِهِمۡ حَقٌّ مَّعۡلُومٌ (٢٤) لِّلسَّآٮِٕلِ وَٱلۡمَحۡرُومِ

[ነዞም ኣብ ሃብቶም ፍሉጥ ዝኾነ መሰል ንዘለዎም፡ ንዝልምኑን ንዘይብሎምን]

ኣብ ሱረት ኣል-ኒሳእ ኣያ 8-9 (76:8-9) ምስጋና ከይተጸበኻ ብፍትወት ረቢ እተበርክቶ ሓገዝ እቲ ዝበለጸ ምዃኑ ይርከብ፤

وَيُطۡعِمُونَ ٱلطَّعَامَ عَلَىٰ حُبِّهِۦ مِسۡكِينً۬ا وَيَتِيمً۬ا وَأَسِيرًا (٨) إِنَّمَا نُطۡعِمُكُمۡ لِوَجۡهِ ٱللَّهِ لَا نُرِيدُ مِنكُمۡ
جَزَآءً۬ وَلَا شُكُورًا (٩)

*[ምእንቲ ረቢ ኢሎም ንሽጉራት፡ የታይምን እሱራትን መግቢ ይህቡ። ምእንቲ ረቢ ኢልና ኢና መግቢ ንህበኩም ዘለና። ካባኻትኩም ድማ ካሕሳ ይኹን ምስጋና ኣይንጽበይን ኢና።s]*

ነዞም ዝተጠቐሱ ሓገዛት ንምውፋይ ከይተፈላለኻ ሕውነትን ምትሕልላይን ምዝውታር እቲ ቅኑዕ መንገዲ ምዃኑ ኣብ ሱረት ኣል-ዒምራን ኣያ 103 (3:103) መምርሒ ይርከብ፤

وَٱعۡتَصِمُواْ بِحَبۡلِ ٱللَّهِ جَمِيعً۬ا وَلَا تَفَرَّقُواْۚ وَٱذۡكُرُواْ نِعۡمَتَ ٱللَّهِ عَلَيۡكُمۡ إِذۡ كُنتُمۡ أَعۡدَآءً۬ فَأَلَّفَ بَيۡنَ
قُلُوبِكُمۡ فَأَصۡبَحۡتُم بِنِعۡمَتِهِۦۤ إِخۡوَٲنً۬ا وَكُنتُمۡ عَلَىٰ شَفَا حُفۡرَةٍ۬ مِّنَ ٱلنَّارِ فَأَنقَذَكُم مِّنۡہَاۗ كَذَٲلِكَ يُبَيِّنُ ٱللَّهُ لَكُمۡ
ءَايَـٰتِهِۦ لَعَلَّكُمۡ تَہۡتَدُونَ (١٠٣

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ብዛዕባ ሓደ ምዃን ክሕብሩ ከለዉ ስዒቡ ዘሎ ኢሎም፤

"ኣብ መንጎ ኣመንቲ ዘሎ ፍቕሪ፤ ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ልክዕ ከም ናይ ሓደ ሰብ ሰውነት ገለ ክፍሊ ካብ'ቲ ኣካል ክሓምም እንከሎ ብምልኡ ሰውነት ዝስምዖ ንዕኡ ዝመስል ዝተሓላለይሉ ግዜ ክመጽእ እዩ" (ቡኻሪ)።

ኣብ ሱረት ኢብራሂም ኣያ 31 (14:31) ስዒቡ ዘሎ መምርሒ ማዕረ ሰላት ተጠቒሱ ይርከብ፡

قُل لِّعِبَادِىَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ يُقِيمُواْ ٱلصَّلَوٰةَ وَيُنفِقُواْ مِمَّا رَزَقۡنَـٰهُمۡ سِرًّ۬ا وَعَلَانِيَةً۬ مِّن قَبۡلِ أَن يَأۡتِىَ يَوۡمٌ۬
لَّا بَيۡعٌ۬ فِيهِ وَلَا خِلَـٰلٌ (٣١)

*[ኣመንቲ ንዝኾኑ ባርዮታተይ ሰላት ንኽሰግዱን ካብ ዝሃብናዮም ርዝቂ ብምስጢርን ብጋህድን ቅድሚ እታ ዋጋ ዕዳጋ ዘይብላን ምሕዝነት ዘይግበረላን መዓልቲ ትመጽእ ከውጽኡ ከምዘለዎም ሓብሮም።]*

## ሓገዛት ምውፋይን ጽቡቕ ስራሓት ምስራሕን

### ንምንታይ ንኻልኦት ንሕግዝ

ዝኾነ ንኻልእ ሰብ ክትሕግዝን ክትረብሕን ኢልካ እትገብሮ ተግባር ግብረሰናዊ ጠባይ (Prosocial behavior) ተባሂሉ ክጽዋዕ እንከሎ ብሕልና ተበጊስካ ንጥቕምኻ ከይረኣኻ ንኻልኦት ምሕጋዝ ድማ ናይ ርህራሄ  ጠባይ (Altruism) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ብዙሓት መጽናዕትታት ድማ እዚ ጠባይ ናይ ተፈጥሮ ምሳኻ ዝተፈጠረ ድዩ ወላ ዳሕራይ ኣብ ሂወት እትመሃሮ እዩ ዝብል ሕቶ የልዕሉ። ኣብ ገሊኦም መጽናዕትታት ንጠባይ ደቂሰባት ከም ስሱዕን ፈታው ነብሱን ገይሮም ክገልጽዎ እንከለዉ፡ ኣብ ካልኦት መጽናዕትታት ድማ ንጠባይ ደቂሰባት ብተፈጥሮ ከም ለጋስን ክካፈል በሃልን ገይሮም ይገልጽዎ። በጆካ'ዚ'ውን እቲ ኣብ'ዘን

መጽናዕትታት ዝሕተት ሓደ ሰብ ክሕግዝ እንከሎ ብሓቂ ንኻልኦት ኢሉ ድዩ ወላ ሓንቲ ንጥቕሙ ከይረኣየ ድዩ ዝብል እዩ። ብሓፈሽኡ ድማ ስዒቦም ዘለዉ ገምጋማት ተበጺሑም።

1. ብተፈጥሮና ናይ ምድንጋጽን ምሽፋቓን በረቢ ሱ.ወ. ስለዝተወሃበና (Biologically) ዝግበር ምዃኑ፡ ንቤተሰብካ፣ ኣዝማድካን ቀረባ ንዝኾኑ ናይ ምሕጋዝ ድሌት (ዘርኣኻን ወገንካን ንኽይጽገም ምሕላይ)። ሓደ ካብ ምኽንያታታት ናይ'ዚ ዓይነት ሓገዝ ሎሚ ምስዝሕግዝ ጽባሕ ድማ ንዓይ ይሕግዙኒ ዝብል ወይ ድማ ትማሊ ተሓጊዘ እንድየ ሎሚ ድማ ግደይ እዩ ብዝብል ኣተሓሳስባ ክኸውን ይኽእል።
2. ንውልቃዊ ረብሓን ንኻልኦት ንምቁጽጻርን ኢልካ ዝግበር ምዃኑ
3. ንሕብረተሰብኣዊ ምትእስሳርን ምትሕግጋዝን ኢልካ ዝግበር ምዃኑ፡ ሓደ ህዝቢ ወይ ዓሌት ስለዝኾንካ ኣብ ዝምድና ዘይተመርኮሰ ናይ ምትሕግጋዝ ዝንባሌታት።

ነዚኦም ባህርያት ብዝያዳ ንምርዳእ ብዓይኒ ዲንን ሳይኮሎጅን መቕልካ ምርኣይ ንናይ ምሕጋዝ መስርሕ ብዝያዳ መብርሂ ይህብ።

1. <u>**ብዓይኒ ዲን**</u>

   ናይ ግብረሰናውን ርህራህን ጠባያት ምርኣይ ናይ መብዛሕትኦን ሃይማኖታት መሰረት ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ዲነል ኢስላም ኣውን ሓንቲ ካብ እተን መሰረት ናይ ዲን ዝኮና መሰሶ ንኻልኦት ንምሕጋዝ ተባሂሉ ብረቢ ሰ.ወ. ዝተሓገገ ዘካት ይርከብ።
2. <u>**ብዓይኒ ሳይኮሎጂ**</u>

   ንምንታይ ደቅሰባት ንኻልኦት ክሕግዙ ይደልዩ ንምርዳእ ብዓይኒ ሳይኮሎጂ ምርኣዩ ብዝያዳ ነቲ ጠባያት ንምርዳእ ይሕግዝ። ብዓይኒ ሳይኮሎጂ ንኻልኦት ናይ ምሕጋዝ ተብግሶ ኣብ ክልተ ይምቀል፡

   2.1. ተሸጊሮም ዘለዉ ንኽጥቀሙ ኢልካ ሞራላዊ ሓላፍነት ተሰሚዑካ ምሕጋዝ (Altruism )

   2.2. ንውልቃዊ ረብሓታትካ ኢልካ ምሕጋዝ እዩ (egoism*)*

   ነዚ ዓይነት ሓገዝ ዝህብ ሰብ ንዘወፈዮ ሓገዝ ካሕሳ ብመልክዕ ተግባር ድዩ ወላ ብመልክዕ ምስጋና ንኽኽፈሎ ትጽቢት ይገብር። ወይ ድማ ብሓገዝ ኣምሲሉ ንውልቃዊ ረብሓታቱ ከም ንኣብነት ሽሙ ንኽፍለጥ ብዝብል ክኸውን ይኽእል። ንውልቃዊ ረብሓታቱ ኢሉ ዝሕግዝ ሰብ ቅድሚ ሓገዝ ምሃቡ ባዕሉ እንታይ ክረብሕ ምዃኑ ኣብ ጸብጻብ የእቱ። ዝረኣዮ ረብሓ እንድሕር ዘየለ ድማ እንታይ ኪሳራ ከስዕበሉ ምዃኑ ቅድሚ ሓገዝ ምሃቡ ሚዛን ይወስድ።

<u>**ንምንታይ ገሊኦም ሰባት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ናይ ምሕጋዝ ድሌትን ተበግሶን የርእዩ?**</u>

1. <u>ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ውልቃዊ ፍልልያት</u>

   ነፍስ-ወከፍ ሰብ ብተፈጥሮ ሓደ ካብ ሓደ ስለዝፈላለየ ኣብ ጠባያት'ውን ነጸብራቕ የርኢ። ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታትን ቦታን ዝተፈላለየ ጠባያት ናይ ምሕጋዝ የርእዩ። ገሊኦም ብቐሊሉ ናይ ካልኦት ሰባት ኩነታት ይስመዖም።
2. <u>ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ፍልልይ</u>

   ኣብ ገሊኡ መጽናዕትታት ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ዘርእይዎ ናይ ምሕጋዝ ጠባያት ዝተፈላለየ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ደቂተባዕትዮ ሓርበኛዊ ወይ ድማ ናይ ጅግንነት ዘርኢ ሓገዛት ከወፍዩ ክደልዩ እንከለዉ ደቀንስትዮ ድማ ኣብ ናይ ምንባይ ዝተመርኮሰ ሓገዛት ዘዘንበላ እየን።
3. ኣብ ዲኖም ኣፍልጦ ዘለዎምን ፈራሓት ረቢ ዝኾኑን
4. ንረቢ ኢሎም እንድሕር ዘይኮነ መታን ካልኦት ንኽሪእዮምን ከመስግንዎምን
5. <u>ባህላዊ ጽልዋ ሕብረተሰብኣዊ ምትእስሳርን</u>

   ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ወይ ዓሌት ዘሎ ናይ ምትሕግጋዝ ጠባያት። መብዛሕትኦም ሰባት ወላ ምስ ኻልኦት ምድንጋጽ የርእዩ ድኣ'ምበር ካብ ንኻልእ ዓሌት ወይ ሕብረተሰብ ክሕግዙ ብዝያዳ ንናቶም ሕብረሰብ ክሕግዙ የመርጹ።

6. እቲ ሰብ ኣብ'ቲ ፍሉይ እዋን'ቲ ዘለዎ ውልቃዊ ናይ ስምዒት ኩነታት
    - 6.1. <u>ጽቡቕ ዝስመዖ ዘሎ ሰብ (ኩነታቱ ጽቡቕ ዘሎ ሰብ) ብዝያዳ ናይ ምሕጋዝ ድሌታት የርኢ። እዚ ድማ ስምዒታትና ጽቡቕ ምስዝህሉ ንኻልኦት ናይ ምሕላይ ዕድላት ክብ ይብል። ብዝያዳ ድማ ምስ ነብስኻ ዕግበት ይፈጥር።</u>
    - 6.2. ሕማቕ ተግባር ሰሪሕና ኢሎም ዝጠዓሱ ሰባት ንኻልኦት ናይ ምሕጋዝ ድሌቶም ክብ ዝበለ እዩ። እዚ ድማ ንዝስመዖም ሕማቕ ናይ ገበን ስምዒት ንምሽፋን ከይተፈለጦም ዝገብርዎ እዩ።
    - 6.3. ኣብ ገለ ኩነታት ኣብ ሓዘን ዘሎ ሰብ ንኻልኦት ንኽሕግዝ ኣብ ቀረባ ይኸውን። እዚ ድማ ንዘለዎም ሓዘን መቃለሊ ጥራሕ ዘይኮነስ ንረኺብዎም ዘሎ ካልእ ንኽይረኽቦ ብሓልዮት እውን ከኸውን ይኽእል እዩ።

**<u>ንመን ከምእንሕግዝ ኣብ ኣተሓሳስባና ግደ ዘለዎ ረቛሒ</u>**

መብዛሕትኡ ግዜ ንዓና ንዝመስሉን ናይ ቀረባ ምትእስሳር ንዘለና ሰባትን ሓገዛትና ንኸነበርክት ድሉዋት ኢና። እዚ ኣተሓሳስባ ድማ ከይተፈለጠና ንሰባት ኣብ ክልተ ንመቕሎም፤ እቲ ቀዳማይ ናህና ኣካልና እንብሎ ኮይኑ ("in-group") እቲ ካልኣይ ድማ ዳና ("out-group") እዩ። ወላኳ ነቲ ዳና ክሽገር እንከሎ ርህራሄን ምርዳእን እንተተሰማዓና ናይ ሓገዝ ምውፋይ ድሌታትና ግን ዝሓጸረ ይኸውን። እዚ ማለት ዝያዳ ሓደ ሕብረተሰብ ወይ ኣካል ናይ ሕብረተሰብ ናይ ሓባር ስምዒት "ንሕና" ዝብል ምስዝዓስል ነንሕድሕድካ ናይ ምትሕግጋዝ ስምዒትን ድሌትን ክብ ይብል።

**<u>ንኻልኦት ምሕጋዝ ናብ ዓወት ዝመርሕ እዩ</u>**

1. ንኻልኦት ምሕጋዝ ኣብ ኣዱንያ ይኹን ኣብ ኣኺራ ናብ ዓወት ዝመርሕ መንገዲ እዩ። ዝኾነ ዒባዳ ብዘይ ንኻልኦት ሽጉራት ምሕጋዝ ዋጋ ዘለዎ ኣይኮነን።
2. ኣብ ልዕሊ ረቢ ትሕትና ብምርኣይ ኣብ ሰባት ዘለካ ኣቀራርባ እውን ትሕትና ዝመለአ ይኸውን።
3. ብዛዕባ ነብስኻ ጥራሕ ካብ ምሕሳብ የድሕነካ።
4. ኣብ ናይ ሽግራት ሰባት ሂወት ተስፋ ኮንካ ብርሃን ወላዒ ትኸውን። ኩሉ ኣተሓሳስባኻ ኣወንታዊ ስለዝኸውን ግቡኣይ ገይረ ኢልካ ድማ ሓጎስ ከምዝስምዓካ ይገብር።

እዚ ዓወት ዝምዝገብ እንድሕር ንኻልኦት እተበርክቶ ሓገዝን ደገፍን ልባውን ምእንቲ ረብን እንድሕር ኮይኑ ጥራሕ እዩ።

رَّبَّنَآ إِنَّنَا سَمِعۡنَا مُنَادِيٗا يُنَادِي لِلۡإِيمَٰنِ أَنۡ ءَامِنُواْ بِرَبِّكُمۡ فَـَٔامَنَّاۚ
رَبَّنَا فَٱغۡفِرۡ لَنَا ذُنُوبَنَا وَكَفِّرۡ عَنَّا سَيِّـَٔاتِنَا وَتَوَفَّنَا مَعَ ٱلۡأَبۡرَارِ

**ካልኣይቲ ክፋል ትቕጽል**